## ሪፖርታጅ፡-

# ፌስቲቫል ኤርትራ 2007 ዞባ ምዕራብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኣብ ከተማ ሳን ሆዘ ካሊፎርኒያ ብድምቀት ይካየድ ኣሎ

እቲ ብዓርቢ ምሸት ነሓሰ 17 "ወፍሪ ሎሚ - ራህዋ መጻኢ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ፡ ዝተጀመረ መደብ ፌስቲቫል 2007፡ ሚንስተር ሳልሕ  መኪን ካልኦት ናይ ክብሪ ዕዱማት ኮይኖም ዝተዓደሙ፡ ኣጋይሽን ዝተረኽበሉ ናይ ኮክተል ግብጃ ተኻይዱ። ድሕሪ ናይ ኣጋይሽ ዕድመ፡ ብኣቦ መንበር ኣወሃሃዲት ሽማግለ ሃገራዊ በዓላት ዞባ ሕ/መ/ኣመሪካ ኣቶ ዮሃንስ ካሕሳይ ንኹሎም ተሳተፍቲ ፌስቲቫል "እንቋዕ ደሓን መጻእኩም" ብምባል፡ መድረኽ ንመንእሰያት ጉጅለ ሲያትል ገደፈሎም። ስዒቡ በቶም ወናማት ስነ ጥበባውያን፡ ድምጻውያንን ሙዚቀኛታትን ካብ ኩሉ ከተማታት ኣመሪካ ዝመጹ ደሚቑ ሓዲሩ።

ትማሊ ቀዳም 18 ነሓሰ ምሉእ መዓልቲ ስፖርታዊ ንጥፈታትን ሰሚናራትን ቀጺሉ ውዒሉ።  ሎሚ ድሕሪ ቀትሪ ከኣ፡ ላዕለዋይ ልኡኽ መንግስቲ ኤርትራ ሚኒስተር ሳልሕ መኪ ህዝቢን ዕዱማትን ኣብ ዝተረኽብሉ። ኣብ'ቲ ኣብ Santa Clara Convention Center ዝተኻየደ ወግዓዊ መኽፈቲ ስነ-ስርዓት፡ ዕዱማት ኣጋይሽ ኣብ ዝተረኽብሉ፡ ባህላዊ ጉጅለ መንእሰያትን ቆልዑን ካብ ከተማታት ሲያትል፡ ሳንታ ሮዛ፡ ሳን ሆዘ፡ ሳን ፍራንሲስኮን ኦክላንድን ዝመጽኡ ተሳትፍትን ብምስናይ፡ ንቀጽሪ ፌስቲቫል ኤርትራ ሳን ሆዘ፡ ቅናት-ጽንብል ብምቑራጽ ብወግዒ ከፊትዎ።

ኣብ'ዚ ናይ ትማሊ ቀዳም መደባት ካብ ዝተኻየዱ ንጥፈታት፡ ሓያለ ተሳተፍቲ ዝተኻፈልዎ፡ ናይ መንእሰያት ሰሚናር፡"ብመንእሰያት ዝተዳለወ፡ - ሰሚናር ብኪኢላ ስነ ኣእምራዊ ሮቢል ኪዳነን ተኻይዱም። ቀጺሉ መድረኽ ፌስቲቫል፡ በቶም ካብ ዝተፈላለየ ከተማታት ኣመሪካ ዝመጹ ወናማት ሙዚቀኛታትን ድምጻውያንን ዝተፈላለየ ዜማታትን  ቀሪቡ ንተሳታፍቲ ፌስቲቫል ኣዘናጊዕም።

ኣብ ናይ ሎሚ ፌስቲቫል ብዙሓት ኤርትራውያን ንምርኢትን ንመሸጣን ዝኸውን ኣቕሑ ብምቕራብ፡ ንብዙሓት ተሳተፍቲ ናይ ባዛርን ፌስቲቫልን መልክዕ ሂቡ።

ንዝተረፈ፡ ኣብ ዝቕጽል ጸብጻባትና ተኸታተሉ።

ዓወት ንሓፋሽ !!

ሽማግለ ኣስንስን ሓበሬታን
ኣ/ሃ/ሽማግለ በዓላት ኤርትራ
ቀዳም ነሓሰ 18, 2007